# ምቕባል ምጅማር

ውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ዝገብሮ ጕዕዞ ኣብ ገዛ እዩ ዝጅምር።



# መእተዊ

**ኵሎም ቆልዑ ብናባዕሎም ፍጥነት ከም ዝምዕብሉን፣ ኩላትና ኻብ ውልደት ኣትሒዝና ኸም እንመሃርን ንፈልጥ ኢና። ትምህርቲ ዝጅምሩሉ ግዜ ምስ ኣኸለ፣ ገሊኦም ቆልዑ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ሓገዝ የድልዮም እዩ።**

ኣብያተ-ትምህርቲ መብዛሕትኦም ቆልዑ ቅድሚ እታ ቐዳመይቲ መዓልቶም ኽመሃሩዎ ዝጽበይዎ ቑልፊ ኽእለታት* ኣለዉ። ነዚኦም ምልምማድ ውሉድካ ናብ ምቕባል ዝገብሮ ጕዕዞ ብእተኻእለ መጠን ኣወንታዊ ይገብሮ።

ውሉድኩም ድሮ ኣብ መዋእለ ሕጻናት፣ ኣብ ቅድመ ቤት ትምህርቲ፣ ወይ ምስ ኣላዪ ሕጻናት እንተሃልዩ፣ እዞም ሰብ ሞያ እዚኣቶም ድልው ንክኾኑ ምሳኹምን ውሉድኩምን ብሓባር ኽሰርሑ እዮም።

ንውሉድም ብስምዒታውን ብግብራውን መዳይ ትምህርቲ ንኽጅምሩ ድሉው ኰይኑ ንኽስምዖም ብምሕጋዝ፣ ዓርሰ ምትእምማንን ናጽነትን ንምህናጽ ኣብ ገዛ ኽትገብሮም እትኽእል ብዙሕ ነገራት ኣለዉ።

*ነዚ ሰነድ እዚ 'ምቕባል ምጅማር' ኢልና ኢና እንጽውዖ። ገለ ሰባት/ውድባት ነዚ "ናይ ቤት ትምህርቲ ድሉውነት" ኢሎም ይጽውዕዎ።

## ውላደይ ንኽዳለዉ ብኸመይ ክሕግዞ እኽእል?

ውሉድኩም ትምህርቲ ምስጀመሩ ክለምድዎም ዘለዎም ብዙሕ ሓድሽ ንጥፈታትን ልማዳትን ክህልዎ እዩ። ካብቲ ቕድሚኡ ዝገብርዎ ዝነበረ ንላዕሊ ብርእሶም ክገብርዎ ዘድልዮም ገለ ነገራት ኣለዉ።

መጽናዕትታት ሓደ ቆልዓ ምስ ወለዱ ዘለዎ ርክብ ኣብ ዕቤቶም ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ረቛሒ ከምዝኾነ የርኢ፣ ኣብ ገዛ ድማ ብዙሕ ክትገብሮ ትኽእል ነገር አሎ።



ውሉድኩም ምሳኻ ወይ ምስ ካልእ ኣላዪ ኣብ ገዛ እንተ ኾይኑ፣ ከም ስድራ ቤት መጠን ባህ ዘይብል ንጥፈታት ብምግባር ክትለማመዱ ትኽእሉ ኢኹም (ኣብ መወዳእታ እዚ ምንጪ እዚ መራኸቢታት ኣካቲትና ኣለና)።

ገለ ኻብዞም ኽእለታት እዚኦም ንምልምማድ ግዜ ይወስዱ እዮም፣ ስለዚ ከም ክፍሊ መዓልታዊ ንጥፈታትኩም በብቑሩብ ከተፋልጥዎም ጽቡቕ እዩ።

## ውላደይ ተወሳኺ ሓገዝ ዘድልዮ እንተኾይኑኸ?

- ውላድኩም ናብ ምቕባል ንኽኣትዉ ተወሳኺ ደገፍ እንተኣድልይዎም፣ ብእተኻእለ መጠን ነቲ ሓድሽ መምህሩ ብዙሕ ሓበሬታ ከም እትካፈልዎ ኣረጋግጹ። ንውሉድኩም ዝድግፍ ስልትታት ንምርካብ ምሳኹም ኽሰርሑ ይኽእሉ እዮም።
- ኣብ ሓጋይ እተወልዱ ቆልዑ፣ ወይ እቶም እንግሊዝኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ ዝዛረቡ (EAL) ዝያዳ ደገፍ ከድልዮም ይኽእል እዩ።
- ውላድኩም ፍሉይ ትምህርታዊ ድሌታት (SEND)፣ ናይ ዕቤት ፍልልያት ወይ ምድንጓያት ከም ዘለዎ እንተፈሊጥኩም ወይ እንተጠርጢርኩም፣ ገለ ኻብዞም ኽእለታት እዚኦም ኣብዚ ደረጃ እዚ ክሳኽዑ ኣይክእሉን ይኾኑ።
- ኣቐዲምካ ጣልቃ ምእታው ዓቢ ለውጢ የምጽእ – ሓገዝ ንምርካብ ንመዋእለ ሕጻናት፣ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ ናይቲ ከባቢ ማእከል ቆልዑ ወይ ማእከል ስድራ ቤት ሕተቱ።

## ሓገዝ ንምርካብ ምስ መን ክዘራረብ እኽእል?

ኵሎም ቆልዑ ብዛዕባ ምቕባል ምጅማር ምትእምማንን ሓጐስን ምእንቲ ኽስምዖም ካብ ዝኣምኑዎም ዓበይቲ ሓገዝ የድልዮም እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልየኩም ናይ ቆልዓ ኣላዪ/መዋእለ ሕጻናት/ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ጉጅለ ወይ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ ማእከል ቆልዑ ወይ ማእከል ስድራቤት ክሕግዙኹም ይኽእሉ።

## ዝያዳ ምንጪታት ኣበይ ክረክብ እኽእል?

ንዓኹምን ንውሉድኩምን ብሓባር ንኽትዳለዉ ዝሕግዘኩም ዝርዝር ውድባትን ምንጭታትን እውን ኣዳሊና ኢና።

እዚ ኣብ ኢንተርነት ኣብ https://startingreception.co.uk ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።



# ትርጉም፦ ቅድሚ ምቕባል ምጅማር ትለማመዶም ክእለታት፦

ሓደስቲ ክእለታት ንምምሃር ግዜ ይወስድ እዩ። ኣብ ገዛ ምለማመድ ውሉድኩም ብቐሊልን ምስ ዓርሰ ምትእምማንን ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽግዕዙ ክሕግዞም ይኽእል እዩ።


## እናዓበየ ዝኸይድ ናጽነት

*ንገዛእ ርእሶም ምኽንኻን*

- ክዳኖምን ጫማን ምግባር/ምውጻእ
- ሽቓቕ ምጥቃምን ኣእዳዎም ምሕጻብን
- ብዘይ ሓገዝ ክዳውንቲ ምኽዳን፣ ንኣብነት ሽቓቕ ድሕሪ ምጥቃም ወይ PE ድሕሪ ምግባርካ
- ናይ ክሽነ መሳርህታት (ንኣብነት ሹካን ማንካን፣ ቾፕስቲክ) ምጥቃም ከምኡውን ካብ ክፉት ኩባያ ምስታይ
- ካባኹም ርሒቖም ግዜ ምሕላፍ፣ ሓላዪ ዓበይቲ ኺከናኸንዎም ከም ዝኽእሉ ምፍላጥ

*ጸወታ፣ ፈጠራን ናይ ምፍላጥ ሃንቀውታን*

- ኣብ ፈጠራዊ ጸወታታት ምስታፍ (ንኣብነት ተዋስኦ)
- ምስዓል፣ ምቕባእ፣ ሕብሪ ምግባር ከምኡውን ምልጣፍ
- ናይ ዛንታ መጻሕፍቲ ምክፋል፣ ስእልታት ምርኣይ ከምኡውን ብዛዕባ ገጸ-ባህርያት ምዝርራብ
- ኣብ ከባቢኦም ንዘሎ ዓለም ምድህሳስ (ንኣብነት ንተፈጥሮኣዊ ዓለም ተጠንቂቕካ ምጥማት፣ ኣብ ገዛኻ ምስ ነገራት ብውሑስ መገዲ ምጽዋት)



ውሉድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ብዙሓት ሓደስቲ ሰባት ኽራኽቡን ሓድሽ ዕርክነታት ክምስርቱን እዮም። ክዳለዉ ካብ ዝሕግዞም ገለ ነገራት እዞም ዝስዕቡ የካትት፦

## ርክባት ምህናጽን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን

### *ምስ ካልኦት ምኽን*

- ✓ ብመጻወቲታት ምክፋልን ተራ ምውሳድን ምልምማድ
- ✓ ብዛዕባ **ኸመይ** ኸም ዝስምዖም ኽምኡውን **ስለምንታይ** ምኻኑ አዛርብዎም
- ✓ መጻሕፍቲ ዛንታታት ብሓባር ምርኣይን ገጸ-ባህርያት እንታይ ከም ዝስምዖም ምዝርራብን ነዚ ንምግባር ጽቡቕ መገዲ እዩ
- ✓ ካልኦት እንታይ ይስምዖም ከም ዘሎ ምፍላጥ ምጅማር፣ ንኣብነት ዓርክኻ እንተሓዚኑ ምርዳእ
- ✓ ንገዛእ ርእሶምን ንኻልኦትን ደረት ንኽገብሩ ምትብባዕ (ንኣብነት 'ኣይፋል' ከመይ ክብሉ ኽምዝኽእሉ ምፍላጥ)

### *ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን ቋንቋን*

- ✓ ደርፍታትን መዝሙራት መዋለህጻናትን ብሓባር ምዝማር
- ✓ ንኻልኦት ብዛዕባ ንጥፈታት፣ ተመክሮታትን ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ዓለምን ተሓጒስኩም ምዝርራብ
- ✓ ብንጹር ብምዝራብ (ብመሰረታዊ እንግሊዝኛ ወይ ብቛንቋ ምልክት) ሓገዝ ከም ዘድልዮም ምርኣይ
- ✓ አቀማምጣ ሽሞም ምፍላጥ (ኣብ ካቦቶም ወይ ጃኬቶም ምእንቲ ኽረኽብዎ)

### *ምስማዕን ምስታፍን*

- ✓ ንሓጺር እዋን ኣቓልቦ ምግባር
- ✓ ቀሊል መምርሒታት ምስማዕን ምስዓብን
- ✓ ሓደ ዕዮ ኣጸጋሚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን ከይተረረፈ ምቕጻል ከምኡውን ነገራት እንተ ተበላሸዩ ድማ ንድሕሪት ምምላስ



## ኣካላዊ ምዕባለ




***ኣብ መዓልቲ እንተ ወሓደ ንሰለስተ ሰዓት ምንቅስቓስ***


- መደያይቦ ምውጻእን ምውራድን (ሓደ እግሪ ኣብ ሓደ እዋን፣ ነቲ መንደቕ ንምድጋፍ ተጠቒምካ)
- ምድያብ፣ ምጉያይ፣ ምዝላልን ምጽዋትን
- ዓብዪ ኹዕሶ ምሓዝ (መብዛሕትኡ ግዜ)
- ቀሊል ፐዝላትን ናይ ኢደ-ጥበብ ንጥፈታትን ምግባር፣ ብምቁራጽን ብምጣበቕን ናይ ምትሓዝ አቕሞም ምጥንኻር



## ጥዑይ ልማዳት



- ነፍስ ወከፍ ምሸት ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት ምድቃስ፣ ንቤት ትምህርቲ ንምድላው ኣብ ሰዓትካ ምትሳእ
- ናይ ስክሪን ግዜ ምስቲ እተመኸረ ዕለታዊ መጠን ደረት ምግባር (ምኽሪ ርአዩ)
- ጥዑይ ኣመጋግባ ምብላዕን ሓድሽ ምግቢ ምፍታንን
- ኣስናኖም ኣብ መዓልቲ ኽልተ ሳዕ ብፍሎራይድ መሕጸቢ ስኒ ምሕጻብ ( እንተ ወሓደ 7 ክሳዕ ዝበጽሑ ነዚ ኽትቈጻጸርዎ ኣለኩም)



# ብዛዕባ ዕቤት ውሉደይ ዘተሓሳስብ ነገራት እንተሃልዩኒ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

- ብዛዕባ ምዕባለ ውላድኩም ትጭነቑ እንተኾይንኩም፣ ምስ ኣላዪ ሕጻናት/መዋእለ ሕጻናት/ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ጉጅለ፣ ናይ ጥዕና በጻሒ፣ ኣብቲ ኸባቢ ዝርከብ ማእከል ቆልዑ ወይ ምስ ማዕከል ስድራ ቤት ተዘራረቡ።
- ውሉድኩም ናይ ዕቤት ምድንጓይ እንተ ወይ SEND እንተሃልይዎ (እተጠርጠረ ወይ እተረጋገጸ)፣ ምቕባል ቅድሚ ምጅማሮም ምስ መዕበዪ ሕጻናት፣ ኣላዪ ሕጻናት ወይ ምስ ናይ ጥዕና በጻሒ/መዋእለ ሕጻናት/ናይ ቅድመ ቤት ትምህርቲ ጉጅለ ተዘራረቡ እሞ ቤት ትምህርቲ ኽትመርጹ ከለኹም ድማ ብዛዕባ ዘድልዮም ነገራት ተመያየጡ።
- ንውሉድኩም ምስ ናዕቤት ደረጃኦም ብዝሰማማዕ መገዲ ምስ ንገዛእ ርእሶኻ ምክንኻን፣ ስምዒታት ምቑጽጻር፣ ማሕበራዊ ኽእለታት፣ ከምኡውን ሓሳብ ንምልውዋጥ ንክትሕግዝዎም ምስ ናይ መጀመርታ ዓመታቶም ስርዓት ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም።
- ብዛዕባ ዕቤቶም፣ ድሌታቶም፣ እንታይ ከምዘለዓዕሎም፣ እንታይ ጸገማት ከለዓዕል ከምዝኽእል፣ ብኸመይ ብዝበለጸ ኸምዝመሃሩ፣ ከምኡውን ኣየኖት ስትራተጂታት ብዝግባእ ከም ዝዓዩ ዝርዝር ሓሳብ ከተካፍሉ ትደሊዩ ትኾኑ።
- ንውሉድኩም ንዝድግፉ ኹሎም ሰባት፣ እንተላይ ነቲ ሓድሽ መምህሮም ኣገዳሲ ሓበሬታ ከምእተካፍልዎም ኣረጋግጹ።

## ምንጭታት ተወሳኺ ሓገዝ ንዘድልዮም ስድራቤታት

ንዓኹም፣ ንውሉድኩምን ንትምህርታዊ ኣቀማምጣኦምን ንምድላው ብዘይ ገለ ጸገም መሰጋገሪ ንምርግጋጽን፣ ንመጻኢ ኣሳልጦ ንምድላውን ብሓበሬታን ስትራተጂታትን ክድግፋ ዝኽእላ ብዙሓት ውድባት ኣለዋ።

እዚ ንዝስዕቡ የጠቓልል፦

- https://www.familylives.org.uk
- https://speechandlanguage.org.uk
- https://dingley.org.uk
- https://www.kids.org.uk

**ዝያዳ ፍለጡ**

ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ
https://startingreception.co.uk ብጽሑ

## እዚ መግለጺ እዚ ብምትሕብባር እተፈጠረ ብ

Ark Start
BBC CBeebies Parenting
be Big Education
Busy Bees – The best start in life
Collective Futures
Confederation of School Trusts
Dingley's Promise
early years alliance
easyPeasy
eric – The Children's Bowel & Bladder Charity
isos partnership
Kindred²
Leyf Nurseries
NDNA – National Day Nurseries Association
pacey
Parentkind
REAch2 Academy Trust
tiney

### መዘኻኸሪታት፡-

fyi.bradford.gov.uk/receptionready

SCAN QR CODE

BEST START IN LIFE

fyi – FAMILIES & YOUNG PERSONS INFORMATION – BRADFORD DISTRICT

### ዝያዳ ፍለጡ

ንዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብ
https://startingreception.co.uk ብጽሑ